الجبهة الديمقراطية لتحرير قومية الساهو الإرترية
Eretriyah Saahot Qawmiyah Xurriyat Dimokraasiti Dambar
ብሄራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓርነት ሳሆ ኤርትራ
National Democratic Front for Libration of Eritrean Saho

## ዜና ብዲግሓሳኤ

## ጀ.ጋኑ ተጋደልቲ ብሄራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ሓርነት ሳሆ ኤርትራ (ብዲግሓሳኤ) ኣብ ዝተፈላለየ ዓድታት ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዕዉት ህዝባዊ ኣኼባታት ኣካይዶም፡፡

ጀ.ጋኑ ተጋደልቲ ብሄራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ሓርነት ሳሆ ኤርትራ (ብዲግሓሳኤ)፣ ካብ 23-25 ጥሪ 2012 ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ምምሕዳር ኣሰድ፣ መዐራን ኣሰድ ዝተባህለ ክልተ ዓዲታት ኮምኡውን ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ንኡስ ዞባ ጋላዕሎ ምምሕዳር ከባቢ ዕንደሊ፣ ኣብ ላዕሎዋይ ዕንደሊን ታሕተዋይ ዕንደሊን ዝተባህለ ክልተ ዓዲታት፡ (ጠቕለላ ኣብ ኣርባዕተ ዓዲታት) ዕዉት ህዝባዊ ኣኼባታት ኣሰላሲሎም፡፡

ጀ.ጋኑ ተጋደልቲ ብዲግሓሳኤ ኣብ ኣርባዕተ ዓዲታት ዝካየድዎ ጠቕለላ ከባቢ 130 ነበርቲ`ተን ዓዲታት ዝኾኑ ዜጋታት ዝተሳተፉዎ ዕዉት ህዝባዊ ኣኼባታት፤ ዕላማ መሪሕ ውድብና ብዲግሓሳኤ፡ ጸረ-ህዝቢ ሰርዓት ህግደፍ ብምእላይ፤ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ዝተረጋገጸላ ኤርትራ፡ ፍትሕን ማዕርነትን ብሄራዊ ህዝብታትና ንምርግጋጽ ምኳኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ፤ ሓይልታት ዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝካየድዎ ዘለው ህዝባዊ ቃልሲ ሰፍሕ መብረሂ ሂቦም፡፡ ጀ.ጋኑ ተጋደልቲ ብዲግሓሳኤ፤ ኣብ መብረሂኦም ኣብ መውዳእታ 2011 ኣብ ኣዋሳ ዝተኻየደ ዕዉት ሃገራዊ ጉባኤ ንውጽኢቱ ዝኾነ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጥን ክሳብ ሕጂ ተመዝጊቡ ዘሎ ዓወታትን ብዝምልከት ንህዝቢ ጉቡእ ሓበሬታ ኣስኒቖም፡፡

ኣብ ኣርባዕተኡ ዓዲታት ብህዝቢ ዝቐረበሎም ዝተወሰኑ ሕቶታት ብዝግባእ ብምምላሽ፡ ኣብ መቓብር ቦኽቢኹ ዘሎ ገባቲ ሰርዓት ህግደፍ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ሰርዓት ንምትካል ኣብ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ቃልሲ ኣበርክቶኦም ክዕዚዙ ሰውራዊ ጸውዕት ኣቕሪቦም፡፡ ዕላማታት ብዲግሓሳኤ ዝገልጹ ጽሑፋት ብምዕዳል ኣኼባታቶም ብዓወት ዛዚሞም፡፡ ጀ.ጋኑ ተጋደልቲ ብዲግሓሳኤ ድሕሪ ሓሙሽተ መዓልቲ፡ተሎእኾኦም ብዓወት ዛዚሞም ሎሚ ብ26 ጥሪ 2012 ናብ ቦተኦም ብሰላም ተመሊሶም ኣለው፡፡

ቤት ጽሕፈት

ዜናን ባህልን ብዲግሓሳኤ

16 ጥሪ 2012